# መዓልቲ ኣደታት (2024)

**ንባባት**: ኤፌ 6፡1-4፥ ማቴ 15፡4-6፥ ዮሓ 19፡25-27፥ ምሳሌ: 31፡10-30፥ 6፡20-21

ሎሚ መዓልቲ ኣደታት ዘኪርና ነደታትናን ኣሓትናን ኣኽብሮትናን ምስጋናን ነቕርብ ኣሎና። እዚ ብዓል እዚ ዓለማዊ በዓል እኳ ይኹን እምበር እምነታዊ ትርጉም ሂብና ብዛዓብ መንፈሳዊ ጥቕሚ ኣብ ርክብ ምስ ኣደታትናን ኣብ ነነድሕድና ጌርና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ኣብ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ብፍላይ ኣብ እምነት ክርስትና እንኽተል ኣኽብሮት ኣደን ኣቦን ኣብ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ እዩ ዝምስረት። ኣቦናን ኣደናን ክነኽብር ኣምላኽ ዝኣዘዞ እዩ። ክብሪ ኣደ ኣብ ድላይ ኣምላኽን ኣብቲ ንሳ ኣብ ሕይወትና እትህቦን እትገብሮን እዩ ዝምስረት። ነፍሲ ወከፍ ኣደ ኣብ ስድርኣ እታ ቀንዲ ጀማሪትን ኣላይትን ስድራ ስለ ዝኾነት ክትከብር ክትምስገን ብዅሉ ሸነኻቱ ግብኡ እዩ፥ በዚ ኸአ እዩ ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር ብፍሉይ መዓልቲ ኣደታት ኢሎም ኣብ ኣደታቶም ዘለዎም ኣኽብሮትን ፍቕሪን ብዝተፈላለየ መገዲ ዝገልጹ።

ኣብ እምነትናንን ባህልናን ኣደ ፍሉይ ቦታ እዩ ዘለዋ ኣደ ዘላቶ ኩሉ ኣልኦ። ኣደ ኣካቢት ናባይት ኣፍቃሪት መምህር ኳሳ ኩሉ እያ። ኣብ ዓሚቕ ባህልና እንተ ርኢና ኣብ መውስቦ ኣብ ጠባይ ኣብ ልቦና ዳርጋ መልክዒት ኣደ እያ ዳርጋ ኣቦ ብዙሕ ዝጸሉ ኮይኑ ኣይርኣን እዩ፥ ኣብ ደርፍታት ሃገርና ከይተረፈ ብዝያዳ ዝድረፍ ብዛዕባ ኣደ ብዙሕ እዩ፥ ኣብ ዓዲ ኣብ በረኻ ኣብ ከተማ ኣብ ሃገረስብ ነደን ክብራን ዝገልጽ ብብዙሓት ተደሪፉን ተገጢሙን። ኣብ ጽቡቕ ጊዜ ይኹን ኣብ ሕማቕ ጊዜ ዝያዳ እትውፈ ኣደ እያ። ንኹሉ መንጎኛ ኮይና እትኣሊ ሰላም እተምጽእ "ብዘይ ሓበላ ዓይኒ" ንኹሉ ትሰትር ኣደ እያ። ምናልባት ሓንቲ ኣደ ዘንጊዓ ክትገብሮ ወይ ክትብሎ ዝግብኣ እንተ ዘይገበረት ኣንቲ "ኣደ" ዘይኮንክን ይብሃል እዚ ኸአ ኣደ መሓሪት ሓዳግ ርሕርሕቲ ደንጋጺት ስለ ዝኾነት እዩ። ንሓደ/ሓንቲ ምስማዕ ዝኣበየ/ት በቦኻ በደኻ ኢልና ንልምኖ። ስም ኣደ ክጽዋዕ እንከሎ ልቡ ዘይትንከፍ ሰብ የለን። ባህልና እምነትና ኣብ ኣደታትና ዓቢ ክብሪ ኣልኦ። ፍቕርን ክብርን ኣደታትና ክንገልጽ ኢልና "በደይ ዝመጸኒ ኣይፈቱን እየ ንብል።

ነዚ ቅዱስ ባህሊ ክብሪ ወላዲት ካብ እምነትና ኢና ወሲድናዮ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ይኹን ኣብ ትውፊት እምነትና ኣብ ታሪኽ ድሕነትና ኣደታት ዓቢ እጃም ስለ ዘበርከታ እቲ ኣብኣን ዘሎና ኣኽብሮት ኣብኡ ይምስረት። ዝኾነ ቅዱስ ነገር ምስ እምነት ክተሓሓዝ ኣልኦ። ኣብ ኣምላኽ ኣብ እምነት ዝምስረት ባህልን ስርዓትን ዘይበርስ ኮይኑ ወትሩ ሕያው ኮይኑ ንሰብ ኣብ ሓጎስን ፍቕርን ከም ዝነብር ይገብሮ። እዚ ናይ ኣደታት ኣኽብሮት ከአ በዚ መልክዕ ክንርእዮ ከሎና ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህልዎ። ጓል ኣንስተይቲ ነቲ ኣምላኽ ዝሃባ ክብሪ ክንሕሉ ግድን እዩ። ኣምላኽ ባዕሉ ኣደ ክትከውን መሪጽዋ እዩ በዚ ኸአ እዩ ኩሉ ክትቅይር ይክኣል ኣደን ሃገርን ግን ክትቅይር ኣይክኣልን እዩ።

ኣምላኽ ሰበኣይን ሰበይትን ፈጢሩ ሓደ ነቲ ሓደ ምእሉእ ክገብሮ፥ ክልቲኦም ብኣርኣያን ኣምሳልን ኣምላኽ ተፈጥሪሮም። ኣምላኽ ዝገደዶ ዘይብሉ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ እዩ ፈጢርዎም። ቅ. ዮሓንስ "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ይብለና" ኩሉ ንሱ ዝገብሮ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ እዩ፥ ስለዚ ተፈጥሮና መሰረቱ ካብ ፍቕሪ ኮይኑ ክነፍቅር ኢና ተፈጢርና። ኣብ ሰብ ፍቕሪ እንተ ጎደለ ቀንዲ ነገር ስለ ዝጎድል ዘይናቱ መልክዕን ግብርን ሒዙ ይጉዓዝ እሞ ሽዑ ኣብ ጸላም ይጉዓዝ። ኣምላኽ ዝፈጠረና ግን ናቱ ክንከውን ንኣኡ መሲልና ክነብር እምበር ካልእ ክንመስል ኣይተፈጠርና።

ኣብ መንጎ ስላሴ ዘሎ ፍቕሪ መሰረት ናይ ኩሉ ፍቕሪ ሰብኣይን ሰበይትን እዩ። ኣብ ስላሴ ሓድነትን ፍጹም ዝኾነ ርክብን እዩ ዘሎ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣይንእስ ኣይዓቢ "ሰለስተ ከንሶም ሓደ" እናበልና ብዓቕሚ ሰብ ንገልጾም። ክርስቶስ ነዚ ክገልጸልና ከሎ "ኣነን ኣቦይን ሓደ ኢና፥ እቲ ኣቦይ ዝልእከልኩም መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ኣቦይ ነቲ ኣነ ዝበልኩኹም ኩሉ ክገልጸልኩም" እዩ እናበለ እንታይነት ስላሴ ብመጠኑ ገሊጹልና። ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ሕይወት ናይ እዚ ኣብ ስላሴ ዘሎ ርክብ ኣምሳል ኮይኑ ክነብር እዩ ድላይ ኣምላኽ። ተፈጥሮ ሰበይቲ ብጸይቲ ምዃን እዩ እዚ ማለት ከኣ ሰብኣይ ንበይኑ ከክይከውን ንኣምላኽ ምምራጽ ከይጽግሞ ክትሕግዞ ንመገዲ ኣምላኽ ከይሓድግ ክትነግሮ ብሓጺር ነገራት ኣምላኽ ከም ዝዝክር እትገብር ሰበይቲ እያ። ፍሉይን ዓቢ ክብሪ ዘልኦ ተጸዋሮ። መገዲ ኣምላኽ እንተ ጠፍኣና ነደታትና ክንሓትት ዝበለጸ እዩ።

ኣብ መዓልቲ ኣደታት ክንሓስቦን ክነስተንትኖ ዘድሊ ተራ ኣደታት ኣብ ምትሕልላፍ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ኣደ ወይ ሰበይቲ እታ ዝበለጸት መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ እያ። ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝሕብረና ተፈጥሮ ኣዳም ክሳብ ሔዋን እትፍጠር ምሉእ ኣይነበረን ሔዋን ምስተፈጥረት እዩ ተፈጺሙ። "ሰብኣይ በይኑ ክኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን" ክብል እንከሎ ኣምላኽ ናይ ሰብኣይ ጽቡቕ ብጸይቲ ክትውሃቦ እንከላ እሞ ንሱ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ብምልኡ ክመስል ሰበይቲ ከምህያብ ኣምላኽ ተዋሂባቶ። ሰብ ክብርን ጽባቐን ህያብ ኣምላኽ ክቕበል እንከሎ " እዚ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ ሥጋ ኸኣ ካብ ሥጋይ እያ" እናበለ ተቐቢሉ።

ተፈጥሮ ሰብኣይ ምሉእ ዝኸውን ነታ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነት ሰበይቲ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገሩ ተቐቢሉ ምስኣ ሓደ ክኸውን እንከሎ እዩ። ኣብዚ ሓደ ክብሃል እንከሎ ኣብ ኩሉ ሕይወቱ ምስኣ ብሓደ ልብን መንፈስን ክወሃሃድ ማለት እዩ እዚ ኸኣ ኣብ ስምዒቱ ኣብ ኣተሓሳስብኡ ኣብ ኩሉ ሕይወቱ ዝገብሮን ዝደልዮን ምስ ሓደ ኮይኑ ክነብር ማለት እዩ። ኣብዚ እዩ እቲ ጸገም ዝመጽእ። ሓድነት ኣብ ግዳማውን ስምዒታውን ጥራሕ ክምስረት እንከሎ ዘይናቱ ሒዙ ይጉዓዝ። ትርጉምን ጣዕምን ዝህልዎ ግን ነቲ ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ዝመደቦ ኣብ ግብሪ ክነውዕል እንከሎና ጥራሕ እዩ።

ፍርቂ ታሪኽ ደቂ ሰብ ታሪኽ ኣደታት እዩ ካብ መንፈሳዊ ታሪኽ ድሕነትና ኣትሒዝና ክሳብ ዓበይቲ ፍጻሜታት ታሪኽ ዝተፈላለያ ሃገራት ተራ ኣደታት ዓብይን ወሳኒ ታሪኽን እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝተፈላለያ ኣደታት ከም ብዓል ማርያም ሓፍቲ ሙሴ፥ ሳራ ሰይቲ ኣብርሃም፥ ዮዲት ኣስተር ሃና ኤላሳቤጥ ማርያም ወዘተ ኩለን ንታሪኽ ዝቐየራ ዓበይቲ ኣደታት እየን። ብዘይ ናታተን ተሳትፎ ታሪኽ ድሕነትና ከምዚ እንርእዮ ኣይመኾነን። ኣምላኽ ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ኣብ ኩሉ ክልኣኻ ድላዩ ኮይኑ ንድላይ ኣምላኽ ሰቢኸን ነጊረን። ኣስተር ንኣብነት ንንጉሥ ፋርስ ተዛሪባ ንህዝባ ካብ መቕዘፍቲ ሞት ኣድሒናቶም። ምርያም ሓፍቲ ሙሴ ኣብ ኩሉ ንህዝበ እስራኤል ምምራሕ ዓቢተራ ትጻወት ነራ። መብዝሕትኦን ኣደታት ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝጥቀሳ ንድምጽን ድለትን ኣምላኽ ኣለልየን ዝኸኣላ እየን። ቅድስት ካተሪና ንጳጳሳት ከይተረፈ ንድላይ ኣምላኽ ብድፍረት ትነግር ከም ዝነበረት ንብዙሃት መራሕቲ ኣብ ኩሉ ትሕግዝ ከም ዝነበረት ታሪኻ ይነግረና። ኣብዚ እዋን ከም ብዓል ቅ. ማዘር ተረዛ፥ ንዓለም ብሕይወተንን ሰናይ ግርብረንን መንፈሳውነትን ቀይረንኦ። ኣብ ዓድና ቅድሳናን ሕይወት ኣደታትናን ንፈልጦ ኢና። እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዕዉታት ኣደታት ብዙሓት ምዃነን እዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ እምብኣር ኣደ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ፍሉይ ቦታ ይውሃባ ኣምላኽ ክእዝዝ እንከሎ "ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር" ኢሉ ኣዚዙ። ኣደናን ኣቦናን ድሕሪ ኣምላኽ ክነኽብሮም ዝግብኣና ንሳቶም እዮም። ቅ. ጳውሎስ "ኣቱም ውሉድ ቅኑዕ እዩ እሞ ንወለድኹም ብጎይታ ተኣዘዝዎም፥ ከመይ ምእንቲ ኪቕንዓካ ኣብ ምድሪ ኸኣ ነውኃ ዕድመ ምእንቲ ክህልወካ ዚብል ተስፋ ዝኃዘ ቀዳማይ ትእዛዝ ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር ዝብል እዩ" (ኤፌ 6፡13) እናበለ መሰረት ኣኽብሮ ወለዲ ይነግረና።

## አደ ኣምሳል ቤተ ክርስትያን እያ፡

ቤተ ክርስትያን ንኹሉ ኃጥእ ጻድቕን ሒዛ እትነብር ተስፋ ብዘይ ሙቕራጽ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ እትጽዕር መገዲ ኣምላኽ ከይሕደግ ግፍዕን ፍልልይን ከይነግስ እሞ ወዲሰብ ከይሳቐ መንጎኛ ኮይና በቲ ዝተዋህባ ስልጣን ተመለሱ ተነስሑ እናበለት ትሰብኽ። ኣባላት ቤተ ክርስትያን ኣብ ክልተ ተመቒሎም ክርአዩ ይክእል። ሓደ ጋንታ ፍርሃት ኣምላኽ ዘልኦም ንድላይ ኣምላኽን ንትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ጽን ኢሎም ዝኽእሉ፥ ካልኦይ ጋንታ ኸአ ካብ መገዲ ኣምላኽ ወጺኦም ኣብ ኩሉ ክፍኣተ ግብሪ ተጸሚዶም ዝነብሩ ነዚ ኣብ ክልተ ተመቒሉ ዝርከብ እሞ ሓደ ክኸውን ዝግብኦ እትምንጉ ቤተ ክርስትያን እያ።

ኣደ ከም ባህሪ ቤተ ክርስትያን መንጎኛ ክትከውን እዩ ጸዋዕትኣ። ኣብ ስድራ ዝርአ ሰናይ ነገር መብዝሕትኡ ኣደ ዝመሃረቶ እዩ። ኣደ ኣብ ስድርኣ ንኹሉ ብሓደ ዓይኒ እያ እትርኢ፥ ኣብኣ ብፍሉይ ዝርአ ወይ እውን ብዝያዳ ሓለፋ እትፈትዎ ወይ እትገብረሉ የብላን። እዚ ኣምላኽ ነደታት ዝሃበን ፍሉይ ጸጋ እዩ። ንኹሉ ብሓደ ኣገልግሊካ ምኽእል።

ሕይወትና ብምልኡ ሃናጺቱ ኣደ እያ። ኣብ ከርሣ ጸራ ኣብ ሕቕፋ ንዓመታት ሒዛ ዘዕበየት ንመገዲ ኣምላኽን ሰብን መጀመርያ መምህር ሓባሪት ኣደ እያ። ንኽፉእን ጽቡቕን ፈሊና ክንክእል ደጋጊማ ከምዚ ኣይብሃልን ከምዚ ኣይግበርን እናበለት ዘስተምሃረት ኣደ እያ። ኣደ በቲ ምሉእ ተስፋ ዝህብ ዓይና ክጥምተካ እንከላ ንኩሉ እያ እትህብ። በዚ ኢና ኣምሳል ቤተ ክርስትያን ክንብላ እንኽእል።

## አደታት ደቂ ማርያም ኣሕዋት ማርያም ኢኽን።

ኣብ ዓለም ዝበለጸ ርክብ ምስ ኣምላኽ ዝገበረት ማርያም እያ። ልደታ ለማርያም ኣብ ባሕቲ ግንቦት ብፍሉይ ምስ ማርያም ዘሎና ርክብ ርኢና ክንክእል ዝሕግዝ ንዝክር። ማርያም ኣምላኽ ሓርዩ ኣዲኡ ምስ ኮነት ምስአ ፍሉይ ርክብ ነርዎ። ኣብ ክርስቶስ ኣምላኻውን ሰብኣውን ባህሪ ኣሎ ሰብኣዊ ባህሪ ብምልኡ ካብ ማርያም ወሲድዎ፥ ኣካላቱ መልክዑ ጠባዩ ኩሉ ካብ ማርያም ወሲድዎ። ነቲ ሓንቲ ኣደ ንውሉዳ ኩሉ እትህቦ ማርያም ከአ ኩሉ ሂባቶ በዚ ምኽንያት ኣደ ኣምላኽ ንብላ። ዝለዓለ ክብሪ ካብ ንደቂ ሰብ ዝውሃብ ክብሪ እያ ተዋሂባ። ማርያም ንኣምላኽ ዝደልዮ ክትገብር ጽን ኢላ ትሰምዕ ነሩ፥ ሕይወት ማርያም ሕይወት ቅድስና እዩ ነዚ ኣብቲ ቊሩብ ብወንጌላውያን ዝንገረና ንርእዮ።

ንወዳ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ተከቲላቶ፥ ኣብ ዓዳ ከም ኣደ ንኹሉ ገራትሉ ኣብ ጊዜ ስደትን መከራን ምስኡ ጉህያ ኣብ ስብከቱ ምስኣ ጀሚርዎ፥ ሕይወቱ ከአ ምስኣ ፈጺምዎ። ተስፋ ኣበዉ ብማርያም ተፈጺሙ ኣብ ቀራንዮ ከአ መድኃኒት መስቀል ተሰቒሉ እናበልና ኣብ ጸሎታትና እንደግሞ ፍሉይ ርክብ ማርያም ኣብ ጉዳይ ድሕነትና ንርኢ።

ሓንቲ ኣደ ንማርያም ስዒባ እንተ ኸእለት ጓላ እያ። ኣብ ባህልና “ነደታትኪ ምሰሊ” ዝብል ኣሎ እዚ ኸአ ሕያወይቲ ለባም መሓሪት ንኹሉ ኣብ ልባ እትሕዝ ኣብ ጽልእን ፍልልይን ዘይትህወክ. . . . ማለት እዩ፥ እዚ ኹሉ ኣብ ማርያም ንርእዮ ናይ ሎሚ ኣደታት ነዚ ባህሪ ለቢስክን ክትክእላ እንከልኽን ዓለምና ክቕየር ይክእል።

ሎሚ ሰብ መገዲ ኣምላኽ ጠፊእዎ የዕገርግር እዩ ዘሎ በዚ ምኽንያት ዝያዳ እትሳቐን እትጉህን ዘላ ኣደ እያ፥ ብፍላይ ኣብ ርእስና እሞ ንመለስ ኣደታትና ከመለዋ ክንብል እንተ ኸኣልና ሓደ ሕልና ዘልኦ ክምልሶ እንተ ኾነ ኣደታት ኣብ ዓዲ ኣብ ስደት ኣብ ኹሉ ይጉህያ ይነብዓ ኣለዋ እቲ ምኽንያት ከአ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሓዳረንን ኣብ ደቀንን ዝወርድ እዩ። ደቀን ከም ደቂ ዛግራ ኣብ ኩሉ ፋሕ ብትን ኢሎም ኣደዳ ጥመትን ጽምእን ማእሰርትን ስደትን እቶም ክድሕኑ ኢሎም እና ተጓዕዙ ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ሰሃራን ሲናን ብጨካናት ዝቕዘፉ ዘለዉ፥ እቶም ኣብ ባሕርን ኣብ መገድን ብጃምላ ዝሃልቁ ዘለዉ እትርእን እትሰምዓን ወላዲ እንትዒ ከመይ ኢላ ትኽእሎ ኣላ። ኣደታት ኣይጥዓመንን ሓሲምወን ይነብዓ ኣለዋ።

እዚ ኩሉ ዝብሎን ዘርእዮን ዘሎ ሓቀኛ እንነብሮ ዘሎና ሕይወት እዩ። እስከ ንኹሉ ንሕደጎ ሎሚ አብዚ ብሩኽ መዓልቲ ነደታት አብ እንዝክረሉ እንታይ ክንገብር ንኽእል። መጀመርያ ሎሚ መዓልቲ አደታት ስለ ዝኾነ ምእንቲ ኩለን አደታት ክንጽሊ ክነመስግነን ፍቕርናን አኽብሮትናን ክንገልጸለን። ካልአይ ፍሉይ ርክብ ምስ አደታትና ክንፈጥር። ምሰዲኡ ዝመክር ወዲቔ አይወድቕን እዩ ምኽንያት አደ እትህቦ ምኽሪ አብ ፍቕሪ ሓልዮትን ዝተመስረተ እዩ። ከምቲ ማርያም “ወደይ ዝበለኩም ግበሩ” እትብለና ኩለን አደታት ሎሚ ድላይ አምላኽ ግበሩ ተፋቐሩ ተመሓሓሩ እየን ዝብላና ዘለዋ።

ፍቑራት አደታት ብርግጽ ሎሚ ንኹሉ ሰናይክን እንዝክረሉ ንኹሉ ዝገበርክናልና የቐንየልና እንብለሉ ዕለት እዩ እሞ ብኹሉ ብልቢ ነመስግነክን። ደኺምና ከይበልክን ሎሚ እውን ብሓደ ልብን መንፈስን ኮንክን ጸልያልና። ካባኽን እንደልዮ።

1. ኵሊ ጊዜ ነቲ አምላኽ ዝሃበክን ጸጋ ሒዝክን ክትነብራ። አምላኽ ክትመርሓ ክትምህራ ክትሰብካ እዩ ድላዩ። አደ ኩሉ እያ ወላዲት መምህር ሓባሪት አፍቃሪት መሓሪት እያ። አደ ብፍቕራን ለውሃታን ንኹሉ ስለ እትቕይር ነዚ ሎሚ ካባኽን ንደልዮ አሎና።
2. መገዲ አምላኽ ሓብሩና። ብጸሎትክን ብትዕግስትኽን ብኹሉ ተልእካዊ ሕይወትክን አብ መገዲ አምላኽ ከም እንምለስ ግበሩና። ሕይወትክን ክቕይረና ክኽእል አለዎ። አባኽን ብርሃን ርኢና ክንክእል እሞ ንመገዲ አምላኽ ሒዝና ክንጉዓዝ አታትያና።
3. አይትትሓለላ። ናታትክን ጽንዓትን ብርታዐን ንአና ስንቂ ኮይኑ አብ ኩሉ ክንዕወት ይሕግዘና፥ ከም ማርያም አደኽን ደኺምና ከይበልክን ንመገዲ ቀራንዮ ዝኾነ ሕይወትክን ብዓወት ዛዝምኦ ንሕና አሰርክን ክንስዕብ ኢና።
4. ሕብረትክን ሓድነትክን አርእያና። ብሓደ ክትስሕቃ ክትፋቐራ ክትተሓጋገዛ ክንርኢ ከሎና ንአና ተስፋን ፍሉይ ሓይልን እዩ ዝፈጥረልና። አቦ ዘበላሽዎ አደ እያ እትዕርዮ እሞ ንኹሉ አብ ጽቡቕ ክትመልሳልና ተልእኮኽን እዩ።

ፍቑራት ደቂ ማርያም አደታትናን አሓትናን። ሕይወት ጉዕዞ እዩ፥ አብ ጉዕዞ ከይንደክም ኳል መገዲ ከይንወስድ ነቲ ሓቀኛ መገዲ ዝኾነ ክርስቶስ ሓብሩና። አደ ዘይብሉ ሕይወት ዘኽታም እዩ ዝኸውን ዝኽትመና መንፈስ በርቲዑና አብዘለናሉ እዋን ናታትክን ጸሎትን ትብዓትን ሓገዝን ወሳኒ እዩ። እሞ መገዲ አምላኽ ከይጠፍአና ብፍቕርን ብጸሎትክን ብሕይወትክን ሓብሩና።

ምልክት ፍቕሪ አምላኽ ዝኾነ ተፈጥሮኽን ንአምላኽ ከዘኻኽረና እና ተመነና ብዳግም ብልቢ ንኹሉ ዝገበርክናልና ነምስግን አብ ኹሉ እሙናት ደቃን አሕዋታን ማርያም ኮንክን እትጉዓዛሉ ሕይወት ክዕድለክን ብልቢ እናጸልና ሰናይ ትምኒትና ንገልጸልክን። አምላኽ ብርሃን ስድራኽንን ዓድኽንን ልዕሊ ኹሉ መብራህቲ ቤተ ክርስትያንን ይግበርክን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ

1.

2.